
ፋርማጆይ መን ወሲዱዎ?



ደራሲ፦ ዶ/ር ስፐንሰር ጆንሰን

ትርጉም፦ ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ-ዕቋር)

ኣርታዒ፦ ሰዒድ ሳልሕ (Seid saleh@ fb)

‘ፋርማጆይ መን ወሲዱዎ’

ኣብ ሰራሕኩ ህይወትካ ኣገራሚ ለውጢ እትፈጥር ዛንታ!

‘ፋርማጆይ መን ወሲዱዎ?’፡ ብቐልል ዝበለ ምሳሌ ብዛዕባ ለውጢ እትጸዊ ዛንታ። ኣደናቕን ኣነቓቃሕን ዛንታ ኣርባዕተ ኣብ መሸጉራጉር ፋርማጆ እናማእረሩ ዝነበሩ ጠባያት’ያ እትትርኽ።

ፋርማጆ ተምሳሌኣዊ መግለጺ’ዩ። ኣብ ህይወትና ክህሉወና እንደልዮ ናይ ስራሕ ብልጽግና፡ ሓጉስ፡ ገንዘብ፡ ዕውት ዝምድና፡ ሓላፍነት፡ ጥዕና፡ ሰላም-ኣእምሮ ወዘተ. ንምግላጽ ዝተዋህበ ምሳሌዊ ነገር እዩ። እቲ መሸጉራጉር ድማ ነቲ ኣብ ህይወትና እንደልዮ ነገር ንኽንጭብጥ እንሓልፎ ወይ እንኽዶ መገዲ’ዩ። እዚ መገዲ ማሕበራት፡ ትካላት፡ ስድራ-ቤትና፡ እንነብረሉ ሕብረተ-ሰብ ወዘተ. ይውክል።

- ‘ፋርማጆኻ እንታዩ?’ ገንዘብ፡ ሓዳር፡ ትምህርቲ፡ ሓላፍነት፡ ዕውት ዝምድና፡ ጥዕና፡ ዝና እንታይ’ዩ?
- ንፋርማጆኻ ኣብ ምድላይ ኣብ ትገብሮ ጉዕዞ ገለ ነገር እንተ ዘጋጥመካ እንታይ ምገበርካ?
- ከመይ ዝበለ ጠባይ’ዩ ዘለካ?
- ኣብ ከባቢኻ ንዘጓንፉ ለውጢ ቀልጢፍካ ተለሊ? ንዘጓነፈ ለውጢ ቀልጡፍ ስጉምቲ ትወስደሉ’ዶ?
- ንዘጕንፈካ ለውጢ ተቐቢልካ ተኹርሚኻ ዲኻ ትነበር? ወይስ ነቲ ኵነታት ተቐቢልካ ስጉምቲ ትወስድ? ከመይ ኢኻ?

<u>ምትእኽኻብ</u>

ኣብ ካልኣይ ደረጃ ብሓንሳብ ዝተማህሩ፡ ናይ ዳግም ምርኻብ ግብጃ ስለ ዝነበሮም ብሓደ ኣማሰዩ። ደሃይ ሓድ-ሕድ ክትሓተቱን እንታይ ከም ዝሕለፉ ዝያዳ ከዋግዑን ብምባል፡ ቁጸራ ስለዝሓዙ ንጽባሒቱ ንምሳሕ ተራኸቡ።

ኣብታ ምውቕቲ ሰንበት ድሕሪ ምሳሕን ዋዛን ናብ ዕቱብ ዕላል ሰገሩ። እታ ኣብ ክፍሎም ኣዝያ ህብብቲ ዝነበረት ሰላም፡ “ህይወት ካብቲ ኣብ ትምህርቲ ከለኹ ዝሓሰባ ዝነበርኩ ተፈልያትኒ። ብዙሕ ነገር ተለዊጡኒ።” ብምባል ወግዒ ጀመረትሎም።

“ሓቅኺ ኣለኺ።” ናተናኤል ተደሃየ። ኵሎም ኣብ ናይ ስድራቤቱ ንግዲ ከም ዝሰርሕን፡ ምቹእ ናብራ ኸም ዝሕልፍን ስለ ዝፈልጡዎ ብናይ ሰላም ሓሳብ ምስምማዕ ኣዘዩ ኣገረሞም። “ግን ኣስተብህልክሉ’ዶ ነገራት ክቀያየር ከሎ፡ ንሕና ክንቕየር ዘይንደሊ ምኳና?” ሕቶን ትዕዝብቱን ዘማእከለ ሓሳባት ወሰኸላ፡ ናትናኤል።

“ለውጢ ስለዘፍርሐና ንምልዋጥ ንቃወም ኢና።” ሮቤል ተዛረበ።

“እዋእ! ሮቤል፡ ኣብ ጋንታ ኩዕሶ ንስኻ ኢኻ እኳ ሓለቃ ጋንታ ኔርካ። ካባኻ ፍርሒ ትብል ቃል ክትወጽእ ሓሲበ ኣይፈልጥን።” ጀሚላ ብምግራም ተዛረበት።

ካብ ዕዮ-ገዛ፡ ክሳብ ምምሕዳር ካምፓኒታት ዝበጽሕ ዝተፈላለየ ኣንፈት ህይወት ዘለዎ ዕዮ ይመርሑ እኳ እንተነበሩ፡ እቲ ዝተመኩርዎ ስምዒት ሓደ ብምኳኑ ኣገረሞም። ነዚ ሓቂ ምስ ኣስተብሃሉ ድማ ብሓባር ክርትም ኢሎም ሰሓቑ።

ኣብዘን ዝሓለፋ ዓመታት ንብምሉኣም ዘይተጸበይዎ ለውጢ ጉጂፍዎም’ዩ። ነዚ ክምክቱ ብዙሕ ነገር ፈቲኖም፡ ‘ከመይ ጌርካ ትሕዞ?’ ኣብ ዝብል ነጥቢ ግን ከምዘይተዓወቱ ዝቐበሉዎ ሓቂ’ዩ።

“ፍርሒ - ንለውጢ ምስ በልካ እንታይ ዘኪረ መስለኩም?” ሚኪኤለ ሓሳቡ ክህብ ጀመረ። “ኣብ ስራሕና ዓቢ ለውጢ ጉጂፍና። እንታይ ከም ንገብር ድማ ሕርብት ኢሉና። ነዚ ከኣ ስለዘይስተኻኽልናዮ ከሲርና።” ድሕሪ ምባል፡ ዘረባኡ ቀጸሉ፡ “እዚ ክብሎኩም ግና ክሳዕ እታ ንኾሉ ነገራት ዝቐየረት ዛንታ ንስምዕ’ዩ ነይሩ።”

“እንታይ ዛንታ? ከመይ ድያ?” ቅልጥፍ ኢሉ ናትናኤል ሓተተ።

“ንለውጢ ብኽመይ ይርእዩ ዝቐየረትኒ ዛንታ’ያ። ካብ ምኽሳር ናብ ምርካብ ከምኡ’ውን ከመይ ኢልካ ትሰርሕ ኣርእያትኒ። ብድሕር’ዚ ነገራት ኣብ ስርሒይን ህይወተይ ብቕልጡፍ ክመሓየሹ ክኢሎም። ሓቂ ሓይሽ! ኣብ መጀመርታ ክሰምዓ ከለኹ፡ ከምዚ ኣብ ትምህርቲ ንንገሮ ጽውጽዋያት ስለዝመሰለትኒ ኣሰልችዎትኒ’ያ ኔሩ። ለውጢ ኩጓንፍ ከሎ፡ እንታይ ትገብር ምስ ተረዳእኩ ግና ነብሰይ ነዚ ቀሊልን ፍሉጥን ነገር ክትርእዮ ብዘይምኽኣላ ኣዝየ’የ ሓፈረላ።

ኣብታ ዛንታ ዘለው ኣርባዕተ ጠባያት፡ ንዝተፈላለዩ ገጻት ህይወተይ ዘንጸባርቑ ምኻኖም ምስ ተረዳእኩ፡ ከም መኖም ክኸውን ከምዘለኒ ወሲነ። ተለዊጠ ድማ። ኣብ ነብሰይ ዝመጸአ ለውጢ ምስ ተዓዘብኩ፡ ንገለ ደቂ ስርሒይ ኣካፈለዮም። ንሶም ድማ ናብ ካልእ ኣሰጋጊሮማ። ዝበዛሕና ኣብ ነብስና ክንተግብራ ብምጅማርና፡ ስራሕና ካብ ዝሓለፈ እዋናት ክመሓየሸ ጀሚሩ። ከምቲ ናተይ ድማ እቶም ህይወቶም ዝቐየሩላ ክዛረቡላ ጀሚሮም። ገለ ሰባት ግና ዋላ’ሓንቲ ከም ዘይረኽቡላ ይዛረቡ፡ ወይ’ውን ኣቐዲሞም ከም ዝፈልጡዎን ከም ዝፈተኑዎን ይገልጹ። ገለ ድማ ድሮ ዝፈልጡዎን ግን ከኣ ክማሃርዎ ዘይደልዩ ኩይኖም ትረኽቦም ኢኻ።

ሓደ ካብ ላዕለዎት ሓለፍትና፡ ኑቲ ኣተሓሳስባ ከርዕሞ ምስ ኩብዶ፡ እዚ ብዘይካ መጥፊኢ ግዜ ዋላሓንቲ ኣይኩነን ምስ በለና፡ እቶም ድሮ ኑቲ ዛንታ ዝፈልጡዎ ሰባት፡ ምስ ሓደ ካብቶም ጠባያት ናይቲ ዛንታ ብምትእስሳር፡ ‘እቲ ሓድሽ ነገር ክመሃር ዘይደሊ፡ ብፍጹም ኣይቐየርን’ ኢሎም ሓጨጮምሉ።” ሚኪኤል፡ ነዊሕ ስለዝተዛረበ ንኽዕርፍ ንኹሎም እናጠመተ ሰቐ በለ።

“እዋእ! እንታይ ድያ እታ ዛንታ?” ሰላም፡ ብህንጡይ መንፈስ ሓተተት።

“ፋርማጆይ መን ወሲዱዎ?” መለሰ ሚኪኤል።

ብምልእም ክርትም ኢሎም ሰሓቁ።

“ድሮ ፈትየ’ያ ኣለኹ። ፍቓድካ እንተኾይኑ ዘይትነግረና! ምናልባት ገለ ነገር ንረኽበላ ንኸውን ኢና።” ሮቤል፡ ሰሓቑ ኣብ ገጹ እናተራእየ ተዛረበ።

“ጸገም የለን! ካብ ዝገርመኩም ግዜ ኣይትወስድን እዩ፡” ብምባል፡ ዛንታ ‘ፋርማጆይ መን ወሲዱዎ’ ክጸውየሎም ጀመረ።

***

ነዊሕ ዓመታት ይገብር፡ ኣብ መሸጉራጉር ዝነብሩ ኣርባዕተ ጠባያት ነበሩ። መኣዛን ደስታን ዝህቦም መግቢ ድማ ፋርማጆ ነበረ። እቶም ክልተ ‘ነፍናፍ’ን ‘ህጹጽ’ን ዝብሃሉ ኣናጹ ክኹኑ ከለው፡ እቶም ክልተ ድማ ክንዲ ኣናጹ ቑመት ዘለዎም ‘ሄርሞን’ን ‘ሃይለ’ን ዝብሃሉ ሰባት’ዮም። እዞም ሰባት ግን ኣመና ደቀቕቲ ብምኾኖም ክነስትብህለሎም ኣይንኽእልን ኢና። ኣተኵርና ምስ እንምለከቶም ግን ኑቲ ተኣምር ዝኹነ መፈጠሮም ነስተብህለሉ። እዞም ክልተ ደቀቕቲ ሰባትን፡ ክልተ ኣናጹን፡ ንመዓልታዊ ቀለቦም ዝኸውን ብሉጽ ፋርማጆ ንምርካብ፡ ኣብ ቀጻሊ ምድላይ ዝተጸምዱ’ዮም።

ነፍናፍን ህጹጽን፡ በቲ ዘለዎም ቀሊል ሓንጉልን ደመ-ነፍስን ተመሪሖም፡ ዝደለይዎ ፋርማጆ ብምርካብ፡ ከምቲ ኣናጹ ዝገብሩዎ ጌሮም ይበልዑ።

ሃይለን ሄርሞንን፡ ነቲ ዝተሓላለኸ ኣእምሮኦም፡ ብልዑል እምነቶምን ስምዒቶምን ተጠቒሞም ደስታን ዓወትን ዝፈጥረሎም ፍሉይ ፋርማጆ ኣብ ቀጽሪ ቁጽሪ '3' ንምርካብ'ዮም ዝንቀሳቐሱ።

እዞም ሰባትን ኣናጹን፡ ፍልልይ እኳ እንተለዎም ዘራኽቦም ግን ኣሎ። ንግሆ ስፖርታዊ ዕጥቆም ብምልባስ፡ ነታ ንእሽተይ ቤቶም ገዲፎም፡ ኣብቲ መሸጉራጉር መገድታት ፋርማጆ ንምርካብ ይቀዳደሙ።

እቲ መሸጉራጉር፡ ሕልኽላኽ ኮሮድዮን ውሻጠን ኩይኑ፡ ኣብ ገለ ክፋላት ናይቲ መሸጉራጉር ምቁር ፋርማጆ ይርከቦ። ገለ ክፋል ድማ ዓይንኻ ዘንቁረካ'ውን ዘይትርእየሉ 'ግብ' ዝበለ ጸላም ኣለዎ። ኣብቲ ቦታ ምስ ተኣቱ ንኽትጠፍእ ቀሊል'የ። ነቲ ዘጽነየ ግን ደስታ ህይወት እትረኽበሉ ምስጢራዊ መገዲ ሓዚእሎም'የ። ነፍናፍን ህጹጽን፡ ደጋጊምካ ብምፍታን ፋርማጆ ይረኽቡ። ብጉያ ናብቲ ኩረድዮ ይኸዱ'ሞ ጥራዩ ምስ ዝጸንሑም፡ መገዲ ቀይሮም ናብ ካልእ ይኸዱ። ደጊሞም ድማ ኣይምለሱዎን'ዮም።

ነፍናፊ፡ በቲ ሓያል ኣፍንጫኡ ነቲ ፋርማጆ ይሸትዖ፡ ህጹጽ ድማ ፊተፊት ይገጥሞ። ኣብቲ ምድላይ፡ ይጠፉኡን ምስ መንደቕ ይጋጨውን'ዮም ግን ከኣ ቀልጢፎም መገዶም ይረኽቡ።

ከምቶም ኣናጹ፡ ሃይለን ሄርሞንን ንምምሃርን ምሕሳብን ሕሉፍ ተመኩሮኦም ይጥቀሙ። በቲ ሓያል ሓንጉሎም ድማ ዝተራቐቐ ድልያ ፋርማጆ የካይዱ። ገለ እዋን ጽቡቕ ክኸዱ ከለው፡ ገለ እዋን ድማ እቲ ሰባዊ እምነቶምን ስምዒቶምን፡ ኣብቲ መሸጉራጉር ዝተሓላለኸን በዳሀን ህይወት ክሕልፉ ይድርኹም'የ።

ነፍናፊ፡ ህጹጽ፡ ሃይለን ሄርሞንን ዝሓለፍዎ መገዲ ብዘየገድስ ዝደልይዎ ይረኽቡ'ዮም። ሓደ መዓልቲ ድማ በብመገዶም ከምቲ ዝደልይዎ ዓይነት ፋርማጆ ኣብ ቀጸሪ ቁጽሪ 3 ረኸቡ።

ንግሆ-ንግሆ ዕጥቆም ለቢሶም፡ ናብ ቀጽሪ 'ፋርማጆ' ቁጽሪ 3 ምኻድ ተትሓዝዎ። ኣብቲ መዓርፍኦም ኣብ ዝበጽሕሉ ነፍናፍን ህጹጽን ሳእኖም ብምእሳር ኣብ ክሳዶም የቐምጥዎ። ፋርማጆም እናበልዑ ድማ ዓለሞም ይርእዩ። ዝኹነ ነገር ምስ ዘጓንፎም ሳእኖም ኣብ ክሳዶም'ዩ።

ሃይለን ሄርሞንን ኣብ ፈለማ መዓልታት ቐልጢፎም ብምትሳእ ነቲ ዝጽበዮም ዝነበረ ኮላሶ ፋርማጆ ይሃጹ ነበሩ። ድሕሪ ግዜ ግን እቲ ወትሩ ዘካይድዎ ዝነበሩ ንጥፈታት ከሰልኾዎም ጀመረ። ዶንግዮም ክትስኡን ቀስኢሎም ክዳናም ክለብሱን ጀመሩ። እቲ ፋርማጆ ኣበይ ኣሎን በየን ትኸዶን ስለ ዝፈለጡ ምህዋኽ ገዲፎሞዮም። ነቲ ፋርማጆ መን ኣምጺዎ ተዘይፈለጡ ኣብኡ ኸም ዝጸንሑም ግን ርግጸኛታትዮም።

ሃይለን ሄርሞንን፡ ኣብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቁጽሪ 3 ምስ በጽሑ፡ ኣብ ቤቶም ዘለው ኹይኑ ይስምዖም። ዕጥቆም ኣውጺኦም የንጠልጥሉዎ። ሳእኖም ድማ ብሸበጥ ይትክኡዎ።

"ገለ ዓይነት ምሸ?" ሃይለ ተዳህየ። "ደጊም ንዘልኣለም ዝኹነና ፋርማጆ ረኺብና!" በሎ፡ ውሕስነት ስለ ዝተሰምዖም ተደስቱ። እቲ ኣብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቁጽሪ 3 ዝረኸቡዎ፡ ናቶም ኩይኑ ስለ ዝተሰምዖም ኮሉ ማሕበራዊ ንጥፈታቶምን ቤቶምን ኣብ ጥቓኡ ደኩኑ።

ዝያዳ ቤቶም ኩይኑ ክስምዖም ብምባል ክሸላልምዎ'ውን ጀመሩ። ኣብቲ መንደቕ ፋርማጆ ብምስኣል ከምዚ ኢሎም ጸሓፉ።

"ፍርማጆ ምህላው ሕጉሰ ይገብረካ"

ሃይለን ሄርሞንን፡ ኣዕሩኽቶም ነቲ ኮምራ ፋርማጆ ኽርኢዎ ብምባል፡ ናብቲ ቀጽሪ ፋርማጆ ቑጽሪ 3 የምጽኡዎም'ዮም። 'ገለ ዓይነት ፋርማጆ፡ ምሸ?' ብምባል ብኹርዓት ይሓትዎም። ገለ እዋን ከማቕሉዎም ከለው ገለ እዋን ድማ ጥራዮም ይሰዱዎም።

"እዚ ፋርማጆ ንዓና ዝተሓዘአ'ዩ?" ሃይለ ተዛረበ። ሓድሽ ፋርማጆ ጐሪሱ እናበልዐ፡ "ነዚ ፋርማጆ ኽንረክብ ብዙሕ ለፊዕና ኢና" በሎ፡ ዝኣኽሎ ስለ ዝበልዐ ዝርግሕ ኢሉ ደቀሰ።

እዞም ክልተ ደቀቕቲ ሰባት፡ ምሸት-ምሸት ኩብዶም ብፋርማጆ መሊኦም ዕንክይክይ እናበሉ ንቤቶም ይኸዱ። ብርእሰ-ተኣማንነት ድማ ንንግሆኡ ይምለሱ።

ድሕር ግዜ፡ ጽጋብ ክሳብ ኣፍንጫኦም ስለዝበጽሕ፡ ኣብ ኩባቢኦም ዘሎ ንምዕዛብ ክሳዕ ዝስእኑ ብጽጋብ ሰኽሩ።

ነፍናፍን ህጹጽን ግን ናይ ወትሩ ተግባሮም ኣየቋረጹን። ጋሕጋሕ ምድሪ ተሲኦም ናብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቑጽሪ 3 ይበጽሑ። ቅድሚ ምብልያም ሓድሽ ነገር ተኸሲቱ ከይህሉ፡ ነቲ ፋርማጆ ኩሊሎም ይምልከቱዎ። ብድሕር'ዚ ነብሶም ኣመቻቺኦም እናቋረፉ ፋርማጆኦም ይቋደሱ ነበሩ።

ሓደ ንግሆ ከም ኣመሉም ናብቲ ቐጽሪ ምስ በጽሑ ግን ፋርማጆ ኣይጸነሑምን። ብፍጹም ኣይተገረሙን! ወትሩ እቲ ፋርማጆ በብቑሩብ ክጉድል ይዕዘቡዎ ብምንባሮም፡ ንነብሶም ነቲ ዘይተርፍ ለውጢ ኣዳልዮማ ጸኒሖም'ዮም።

ነንሕድሕዶም ተጠማመቱ። እቲ ኣብ ክሳዶም ዝኣሰሩዎ ሳእኖም ወደይዎ። ኣናጹ፡ ንነገራት ኣይትንትንዎን'ዮም። ጸገምን ኣፈታትሓኡን ብቐሊሉ'ዮም ዘዋሃህዱዎ። እቲ ኣብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቑጽሪ 3 ዝነበር ኮነታት ተቐይሩ'ዩ። ነፍናፍን ህጹጽን ድማ ክቐየሩ ወሰኑ።

ነቲ መሸጐራጕር ተመልከቱዎ። ነፍናፊ ኣፍንጫኡ ኣቕኒው ምሽታት ተተሓሓዘ። ንህጹጽ ድማ ነቐነቐ። ህጹጽ ብናህሪ ተመርቀፈ። ነፍናፊ ድማ ብዘለዎ ፍጥነት ሰዓቡ።

ሃይለን ሄርሞንን፡ ከም ኣመሉም ደንጉዮም መጽኡ። መዓልታዊ ዝኸውን ዝነበረ ስለ ዘይስተውዓልሉ ከኣ ፋርማጆ ከም ዝጸንሐም ርግጸኛታት'ዮም ኔሮም።

"እንታይ! እንታይ'የ ዝርኢ ዘለኹ? ፋርማጆ የለን?" ሃይለ፡ ንመን ይዛረብ ኣሎ ብዘይርዱእ ኣንደበት ወጨጨ። ብዓውታ ምውጫጩ፡ ፋርማጆ ዝመጸኣሉ ግዲ መሲሉዎ፡ "ፋርማጆ የለን? ፋርማጆ የለን?" ወጨጨ። ለውጢ ግን ኣይነበረን።

"ፋርማጆይ መን ወሲዱዎ?" ዓበደ፡ ናብ ጽሉል ተቀይሩ ገዓረ።

ገጹ በርበረ መሲሉ፡ ኣእዳው ኣብ ጕኑ ሒዙ ተዓንደ። ክሳዕ እቲ ዝኽእሎ ዓቕን ድማ ብዓውታ "እዚ ፍትሒ ኣይኮነን!" በለ።

ሄርሞን፡ ዝርኣዮ ኽኣምኖ ስለ ዘይከኣለ ተዓዚሙ 'ደው' በለ። ብዓይኑ ነታ ቐጽሪ ኩለላ። ክልተኣም ተዓንዱ። ሃይለ ይዛረቦ እኳ እንተነበረ፡ እንታይ ይብሎ ኸምዝነበረ ኣየቕለበሉን። 'ከምዚ ይኸውን'የ' ኢሉ ሓሲቡ ኣይፈልጥን'የ። ነቲ ዝጐነፎ ነገር ክገጥሞ ስለ ዘይከኣለ ከኣ ኸኑ ሕልሚ ክኸኑሉ ተመነየ።

እዞም ደቀቕቲ ሰባት፡ ፋርማጆ ማለት ኮሉ ነገሮም'ዩ። ንገለ ፋርማጆ ተራ ነገር ክኸውን ይኽእል'ዩ። ንገለ ድማ ምንጪ ጥዕናን ኣካላዊ ብቕዓትን ወይ ድማ መንፈሳዊ ርግኣት ዝፈጥር'ዩ። ንሄርሞን ግን ፋርማጆ ማለት ውሕስነት፡ ድሕነት ማለት'ዩ። ንሃይለ ድማ ገዚፍ ፋርማጆ ምሓዝ፡ ኣብቲ ዝበለጸ ከተማ ብሉጽ መንበሪ ቤት ምውናን'ዩ።

እቲ ዝኾነ ስለ ዘይኣመኑዎ፡ ንኽውሰኑ ብዙሕ ግዜ ኣጥፍኡ። ኣብ ሓሳቦም ዝነበረ፡ እቲ ፋርማጆ ብሓቂ ኸይዱ እንተኾይኑ ንምርግጋጽ፡ ኣብቲ ፋርማጆ ኣልቦ ቐጽሪ ምድላይ'ዩ ጥራይ'ዩ ነይሩ። ሃይለን ሄርሞንን፡ በቲ ኣብ ልዕሊኡም ዝወረደ እናዕረምረሙን እናተራገሙን ከለው፡ ነፍናፍን ህጹጽን ጉዕዞኦም ተታሓሒዙም ነይሮም። ሄርሞን ውጥናቱ ኣብቲ ፋርማጆ ተመርኪሱ ስኢሉዎ ብምንባሩ፡ 'ጸባሕ! እዚ ፋርማጆ እንተዘይተመሊሱ፡ እንታይ ክኸውን'የ?' እናበለ ተጨነቐ። እዞም ደቀቐቲ ሰባት፡ ኑቲ ኣብ ልዕሊኡም ዝወረደ ኣይኣመኑዎን። 'ከመይ ጌሩ ኸምዚ ይኸውን? ዋላ ሓደ ዘጠንቀቐናን ክንጥንቀቕ ዝሓበረናን የለን። ነገራት፡ ከምዚ ክኾኑ ኣይግብኦምን'ዩ። እዚ ፍትሒ ኣይኮነን!' እናበሉ ኣዕገርገሩ።

እታ መዓልቲ ብጥምየትን ተስፋ ምቑራጽን ኣዕሪቦም፡ ጉዕዞ ንቤቶም ተተሓሓዙዎ። ቅድሚ ምኻዶም ድማ ሄርሞን ኣብቲ መንደቐ ፋርማጆ ብምስኣል ኸምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡

"እቲ ንዓኻ ኣዝዩ ዘገድሰካ ፋርማጆኻ'ዩ! ኑቲ ዝያዳ ዘገድሰካ ድማ ዓቕሉ!"

ፋርማጆኦም፡ ተመሊሱ ኽሓድር ብምትስፋው፡ ሃይለን ሄርሞንን ናብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቁጽሪ 3 መጽኡ። ደጊም ፋርማጆ ሸታ ማይ ኩይኑ'ዩ። ዝገብሩዎ ጠፊኡዎም ዓቕሎም ኣጽበቡ። ሓወልቲ ክመስሉ ብደዎም ቆሙ። ሄርሞን፡ ካብ ኵሉ ነገር ንምኽዋል ኣዒንቱ ዓሚቱ ብኣእዳው ንኣእዛኑ ሸፈነን። እቲ ፋርማጆ 'በበቐሩብ'ዩ ተወዲኡ' ምባል፡ ዓቐብ ስለዝኾኖ፡ ሃንደበት'ዩ ተወሲዱ ኢሉ ኣመነ።

ሃይለ፡ ኑቲ ኾነታት ክትንትኖ ጀመረ። "ስለምንታይ ከምዚ ይገብሩኒ?" ክጣራዕ ጀመረ። "እንታይ'ዩ ዝኸውን ዘሎ?" ንመን ይሓተት ኣሎ፡ ከየነጸረ ተዛረበ።

ድሕሪ ኽንደይ፡ ሄርሞን ኣዒንቱ ከፊቱ፡ ከባቢኡ ተመልከቶ። "ብዝኾኑ፡ ነፍናፍን ህጹጽን ኣበይ ኣለው? ዘይፈለጥናዮ ፈሊጦም ኢልካ ዶ ትግምት?" ሓተቶ፡ ንሃይለ።

"እንታይ'ዮም ዝፈልጡ?" ብናይ ሕሜጨ ደሃይ ሓተቶ። ዘረባኡ ብምቐጻል "ኣናጹ እኳ'ዮም። ዝጉነፎም'ዮም ዝገበሩ። ንሕና'ኸ ደቀቐቲ ሰባት ኢና። ካብ ኣናጹ ድማ ንበልሕ። እንታይ ይኸውን ኣሎ ክነጽር ንኽእል ኢና።" በሎ።

"ካብኣም ከም ንበልሕ እፈልጥ'የ ግን ኣብዚ ግዜ ናይ በላሕቲ ተግባር ንፍጽም የለናን። ኣብዚ ነገራት ተቐይሮም'ዮም። ምናልባት ንዓና'ውን ምቐያር የድልየና'የ። ፍልይ ዝበለ ተግባር ክንዓይይ ኣለና።" መለሰ ሄርሞን።

"ስለምንታይ ንልወጥ?" ሓተተ ሃይለ። "ንሕና'ኸ ደቀቐቲ ሰባት ኢና። ዝበለጽና ኢና። እዚ ነገር ኣብ ልዕሌና ኽወርድ ዝግባእ ኣይኮነን። ወይ'ውን ክኸውን ኣድላዩ እንተኾይኑ ክሕብረና ነይሩዎ። ብውሑዱ ንዓና ብዘኽስብ ክኸውን ነይሩዎ።" ወሰኸ ሃይለ።

"ስለምንታይ ንዓና ብዘኽስብ መገዲ ክኸውን ደሊኻ?" ሓተቶ ሄርሞን።

"ናትና መሰል ስለዝኾነ።" መለሰ።

"ናይ ምንታይ መሰል?" ብምግራም ሓተቶ።

"ፋርማጆ ምርካብ ናትና መሰል'ዩ።" መለሰሉ።

"ስለምንታይ?" ደጊሙ ሓተተ።

“ምኽንያቱ፡ ንሕና ጠንቂ እዚ ጉዳይ ኣይኰናን። ካልእ ብዝፈጸሞ ንሕና ክንቅጻዕ? ገለ ነገር ሲ ክንረክብ ኣለና።”

ሄርሞን ዝተወድአ ክመስል፡ “ሕጂ ምዝራብ ገዲፍና ሓድሽ ፋርማጆ ክንደልይ’ዩ ዘለና።” በሎ።

“ብፍጹም!” ተማጕተ ሃይለ። “ክሳዕ ሜፍ ከይበጻሕኩ ኣይዓርፍንየ።” ወሰኸ።

ሃይለን ሄርሞንን፡ እንታይ ክገብሩ ከም ዘለዎም ኽማጕቱ ከለው፡ ነፍናፍን ህጹጽን ብዙሕ ኣሳሊጦም ነይሮም። ካብቲ ዝነበርዎ መሸጕራጉር ዓቀብን ቁልቁልን ደይቦም ወሪዶም፡ ብዙሕ መሸጎራጉር ሰጊሮም ነይሮም። ኣብ ኮሉ ፋርማጆ ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ቦታ ዳህሰሱ።

ኣብ ሓሳቦም ብዘይካ ሓድሽ ፋርማጆ ምርካብ ካልእ ኣይነበረን። ቅድሚ ሕጂ በጺሖሞ ዘይፈልጡ ስፍራ ክሳብ ዝበጽሑ ዋላ ሓንቲ ፋርማጆ ኣይረኸቡን። ኣብ መወዳእታ ግን ኣብ ቀጽሪ 14፡ ቀጽሪ ፋርማጆ በጽሑ። ብታሓጉስ ወጨጩ። እቲ ዝደልይዎ ዝነበሩ ፋርማጆ ረኸቡ። ብኣዒንቶም ዝረኣይዎ ኽኣምኑ ከበዶም። እቲ ዝረኸቡዎ፡ ኣብ ህይወቶም ርእዮሞ ካብ ዝፈልጡ ፋርማጆ፡ እቲ ዝዓበየ’ዩ ነይሩ።

ነፍናፍን ህጹጽን ብሓጉስ ክፍንጭሑ ከለው፡ ሃይለን ሄርሞንን ገና ኣብ ቀጽሪ ቁጽሪ 3 ይመላለሱ ነበሩ። ድሮ ስእነት ፋርማጆ ክሰርሓሎም ጀሚሩ’ዩ። ተባሳጩውን ተቐጢያምን ነንሕድሕዶም ክጠቓቐኑ ጀመሩ።

ሄርሞን፡ ደጋጊሙ ብዛዕባ እቶም ኣናጹ ምሕሳብ ኣይገደፎን። ‘ፋርማጆ ረኺቦም ዶ ይኹኑ?’ እናበለ፡ ንነብሱ ይሓታ ነበረ። ‘እዚ መሸጕራጉር ዘይፍለጥ ስፍራታት ኣለም። ከቢዱዎም’ሲ ይኸውን’ዩ’ ብምባል፡ ይሓስብ ነበረ። ሓንሳእ ድማ ፋርማጆ እናበልዎ፡ ክሕጎሱ ከለው ብስእለ-ኣእምሮኡ ይረኣይዎ ነበሩ። ካብዚ ዘለዎ ወጺኡ፡ ንነብሱ ኣብቲ መሸጕራጉር ክፍትና ይምነ። ሓድሽ ፋርማጆ ረኺቡ፡ ክሕጎስ ከሎ ይስእሎ’ሞ፡ ኣፉ ማይ ይመልእ ነበረ። እቲ ብብዝሒ ዝስኣሎ ሓሳብ ግን ሓድሽ ፋርማጆ ምርካብን፡ ቀጽሪ ቁጽሪ 3 ምግዳፍን’ዩ።

“ንኺድ!” ሃንደበት ጨደረ።

“ብፍጹም!” ሃይለ፡ ቅልጡፍ ግብረ-መልሲ ሃበ። “ኣብዚ መቺኡኒ ኣሎ። ብዘይካ’ዚ ድማ ዝፈልጦ የብለይን። ብተወሳኺ፡ ካብዚ ምኻድ ሓደገኛ’ዩ!” በሎ።

“እዚ’ሞ ዘይከውን’ዩ! ቅድሚ ሕጂ ኣብ ብዙሕ ስፍራታት ናይዚ መሸጕራጉር በጺሕና ኢና። ነዚ ድማ ክንደግሞ ንኽእል ኢና።” መጎተ ሄርሞን።

“ከምኡ ክገብር ኣይክእልን’የ። ኣሪገ’የ። ብተወሳኺ ድማ ፈሪሐ ኣለኹ። ክትፈልጥ ክጠፍእ ኣይደልን’የ። ኣነ በዛ ነብሰይ ክጻወት ኣይደልን’የ። ንስኻ ትደሊ ዲኻ?” ሓተቶ።

ሄርሞን፡ ነዚ ምስ ሰምዐ መሊሱ ፍርሒ ኀበጦ። ሓድሽ ፋርማጆ ምርካብ ዝብል ሓሳብ’ውን ኣብ ኣእምሮኡ ሃሰሰ።

እዞም ደቀቕቲ ሰባት፡ ንጥፈታቶም ሓደ ዓይነት ኩነ። ንግሆ-ንግሆ፡ ናብቲ ፋርማጆ ኣልቦ ስፍራ ይመጽኡ’ሞ፡ ጭንቀትን ተስፋ ምቑራጽን ተሰኪሞም ድማ ንቤቶም ይኸዱ ነበሩ። ነቲ ዝገነፎም ክኽሕዱዎ እኳ እንተፈተኑ ክውንነት ክሰግሩ ዓቕብ ኩኖም። ቤቶም ከምቲ ዝነበረቶ፡ ምችእቲ ስፍራ ክትኩነሎም ኣይክኣለትን። ምስእን ፋርማጆ ሕማቕ ሕልሚ እናኾኖም፡ ልቦም ኣውዲቑም ምድቃስ’ውን ኣይክኣሉን።

“ርኢኻ ኣለኻ! ሄርሞን፡ ብዙሕ እኳ ዝተቐየረ የለን። እንድሕር ኣበርቲዕና ሰሪሕና ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። እቲ ፋርማጆ ኣብ ጥቃና’ዩ ዝህሉ። ምናልባት ብድሕሪ እዚ መንደቕ ሓቢኡሞ ይኾኑ’ዮም።” ሓደ ንግሆ ሃይለ ዝበሎ’ዩ።

ንጽባሒቱ፡ መሳርሒታቶም ሒዞም መጽኡ። ሃይለ፡ ነቲ መንድል ኣብ መንደቕ ኣጸጊው ክሕዞ ከሎ፡ ሄርሞን ድማ መዶሻ ጌሩ ይወቅየ ነበረ። ንእሽተይ ነኻል ክፈጥሩ ስለዝኽኣሉ፡ ብተስፋ ተመልከቱዎ። ፋርማጆ ግን ኣይነበረን። ቡቲ ዝርኣይዎ ተስፋ ቁረጹ። ግን ከኣ ጸገሞም ከም ዝፈትሑዎ እምነት ኣሕደሩ። ወትሩ ንግሆ ብምትንሳእን፡ ነዊሕ ሰዓታት ብምጽናሕን ኣበርቲያም ዓየዩ። ገዚፍ ነኻል ድማ ፈጠሩ። ፋርማጆኡም ግን ኣይጸነሑምን።

ሄርሞን፡ ኣብ መንጉ ንጥፈትን ኣፍራይነትን ዘሎ ፍልልይ ኣስተብሃለሉ።

“ኣብዚ ኩፍ እንተበልና ክሓይሸ’ዩ፡ ምናልባት ጸኒሑም ፋርማጆና ክመልሱልና ይኹኑ’ዮም።” በሎ፡ ሃይለ።

ሄርሞን፡ ቃሉ ሓቂ ክኸነሉ ተመነየ። ንዕረፍቲ ንቤቱ ኸደ። ብተስፋ ድማ ተመልሰ። ፋርማጆ ግን መን ከም ዝወሰዶ ዳግም ክምለሶም ኣይተራእየን።

እዞም ደቀቕቲ ሰባት፡ ብሰንኪ ጥምየትን ጸቕጥን ክዳኸሙ ጀመሩ። ሄርሞን ንዘይማሓየሽ ኮነታት ክጽበ ኣሰልቻዊ ኩኖ። ኣብዚ ፋርማጆ ኣልቦ ቐጽሪ፡ ብመንጽር ኣብኡ ህላወኦም ዝውሰኹሉ ሸግሮም’ውን ይብእስ ከም ዘሎ ከስተብህል ጀመረ። መኣዝኖም ኣጥፊኦም ከም ዘለው ድማ በርሃሉ። ሓንቲ መዓልቲ ድማ ንነብሱ ክስሕቃ ጀመረ።

“ኣስተውዕል! ሄርሞን! ንዓይ፡ ወትሩ ሓደ ዓይነት’ዩ ዝመሓየሽ ነገር የለን። ዋላ ዘደንቕ ኣይኹን፡ ዘዛኒ ክኸውን ነይሩዎ።” እናበለ ሰሓቐ። ፍርሒ ምጥፋእን፡ ሓድሽ ፋርማጆ ኣበይ ይረክብን ዝብል ሕቶ ስለዝኸኑዎ፡ ናብቲ መሸጉራጉር ምኻድ ዝብል ሓሳብ ኣይተውሓጠሉን።

ፍርሒ እንታይ ይገብሮ ከምዘሎ ስለ ዝተረደኡ፡ ብዕሸነቱ ንነብሱ ሰሓቐ። ሓሳቡ ጠርኒፉ ድማ “ኣበይ ኣሎ እቲ መጉየይ ሳእንና?” በሎ ንሃይለ። ፈለማ፡ ኣብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቑጽሪ 3 ኣብ ዝበጽሑሉ እዋን፡ ሳእኖም ‘ደጊም ኣየድለየናን’ዩ!’ብምባል፡ ሾኪያሞ’ዮም። ንኽረኽቡዎ ድማ ግዜ ወሰደሎም። ሃይለ፡ ብጻዩ ሳእኑ ክወዲ ምስ ረኣዮ ብምግራም፡ “መቸም!ናብቲ መሸጎራጉር ኣይትኸይድን ትኸውን። ሓቀይ እንድየ? ክሳዕ እቲ ፋርማጆና ዝመልሱልና ኣብዚ ምሳይ ዘይትጸንሕ?” ብምባል ሓተቶ።

“ንስኻ ኣይተረድኣካን ኣሎ። ምጽናሕ ኣገዳስነቱ ኣይተረደኣንን። እቲ ናይ ትማሊ ፋርማጆ’ውን ኣይክመልሱዎን’ዮም። ደጊም ሓድሽ ፋርማጆ ንረኽበሉ ግዜ ኣኺሉ’ዩ።” መለሰሉ ሄርሞን።

“ኣብቲ ግዳም ፋርማጆ እንድሕር ዘየለ ኩይኑ ኸ? ወይ ድማ ቀልጢፍካ እንተዘይረኽብካዮ ኸ?” መጎቶ ሃይለ።

“ኣይፈለጥኩን።” እዛ ሃይለ ዝሓተቶ ሕቶ፡ ንነብሱ ደጋጊሙ ሓቲቱዋ’ዩ። እቲ ኣብ ዘለዎ ክጸንሕ ዝግበሮ ፍርሒ ተመለሶ። ንነብሱ ድማ ሓንቲ ሕቶ ቀረበላ፡ “ፋርማጆ ንኽረክብ ዘሎኒ ዕድል፡ ኣብዚ ዶ ዋላስ ኣብቲ መሸጉራጉር ይዓቢ?”

ሄርሞን፡ ኣብ ሓንጎሉ ፋርማጆ ቀረጸ። ፍሸኽታ፡ ኣብ ገጹ ዓሲሉ ናብቲ መሸጉራጉር ክሕወስ ከሎ ተራእዩ። እቲ ዝስኣሎ ምስሊ ኣድነቐ። ኣብቲ መሸጉራጉር ደጋጊሙ ክጠፍእ ንነብሱ ረኣያ። ተኣማንነቱ በረኸ፡ ሓድሽ ፋርማጆ ኽረክብን ምስኡ ድማ ጽቡቕ ነገራት ክመጽኡን ኣስተብሃለ። በዚ ሓሳብ ድማ ትብዓቱ ኣከበ።

ብድሕር’ዚ ህያው ምስሊ ምስ ኮሉ ኮውንነቱ ቀረጸ። ብኡ ክድሰት ድማ ተፈለጦ። ዝተፈላለየ ዓይነታት ፋርማጆ እናኳማሰዐ እንከሎ፡ ሃይለ ገለ ኢሉ ተዛረቦ። ዝበሎ እኳ እንተዘይሰምዖ፡ ኣብ ቀጽሪ ቑጽሪ 3 ከም ዘሎ ኣዘኻኸሮ። ሄርሞን፡ ነዚ ምስ ተረድኣ ክዛረብ ጀመረ። “ትፈልጥ ሃይለ፡ ህይወት ተለዋዋጢት’ያ። ብፍጹም! ሓደ ዓይነት ኩይና ኣይትፈልጥን’ያ። ርኢኻ፡ ሎሚ ከም ትማል ኣይኩነትን። እዚ ንዓና ዘጋጠመና’ውን ናቱ ኣብነት’ዩ። በቃ ህይወት ከምኡ’ያ። ስለዚ ህይወት ክትለውጥ ከላ፡ ንምንታይ ከ ንሕና ዘይንልወጥ? እንታይ ትሓስብ?” ሃይለ ኣይመለሰሉን።

ሄርሞን ነቲ ብፍርሒ ዝማህመነ ብጻየ ተመልከቶ። ናይ ልቡ ክዛረቦኳ እንተሓሰበ፡ ሃይለ ግን ካብ ፍርሒ ናብ ቍጥዐ ስለ ዝተሰጋገረ፡ ክስምየ ኣይከኣለን። ሄርሞን ንዓርኩ ክሸካዕልሉ እኳ እንተዘይሓሰበ፡ እቲ ዕሸነቶም ስለ ዘገረሞ ግን ክርትም ኢሉ ሰሓቀ። ሄርሞን ንኽንሽይድ ምድላዋቱ ምስ ኣጽፈፈ ብህይወት ይነብር ከም ዘሎ ተፈለጦ። ናይ ንቁሎን ተበገስን ምስ ኣጻፈፈ ናይ ልቡ ሰሓቐ። ሰሓቁ ኸይዓገተ ‘ናይ መሸጉራጉር ግዜ!’ በለ።

ሃይለ፡ ንስሓቑ ኹነ ንንቕሎኡ ዝኾነ ግብረ-መልሲ ኣይሃበን። ሄርሞን፡ ካብ ኮባኢኡ መጽሓፊ ብምልዓል ኣብቲ መንድቐ ንኽስእል ተዳለወ። ሃይለ፡ ነቲ ስእሊ ሪኡ ክስሕቐን ክነቃቕሕን ብምባል ኣብዚ ርእዮ’ኳ እንተገበሮ፡ ሃይለ ግን ክርእዮ ፍቓደኛ ኣይነበርን።

ሓንቲ መዓልቲ ክርእዮ ብምትሰፋው ድማ ነዚ ዝስዕብ ጸሓፈ፡

“ንኽትልውጥ ድሉው እንተዘይኹንካ፡ ንዱይ ኩይንካ ክትተርፍ ኢኻ።”

ሄርሞን፡ ንኸውንነቱ ክገጥም ርእሱ ኣቕነዐ። ብዘይ ብጻዩ፡ ናብቲ መሸጉራጉር ምጽንባሩ ስምዒቱ እኳ እንተሃወጸ፡ ልዕሊኡ ግን ንነብሱ ኣብቲ ፋርማጆ ኣልቦ ቐጽሪ ምህላው ዝያዳ ኣተሓሳሰቦ። ኣብቲ መሸጉራጉር ፋርማጆ ዘይክህሉ ወይ ንሱ ክስእኖ ዝኽእል ኩይኑ ይስምየ ነይሩ’ዩ። እዚ ፍርሒ ድማ’ዩ ቀቲሉ፡ ከም ዘይንቀሳቐስ ገሩዎ። ሄርሞን ፍሽኽ በለ። ንሃይለ ዝሸገሮ ዝነበረ ‘ፋርማጆ መን ወሲዱዎ’ ክኸውን ከሎ፡ ንዕኡ ዘገርሞ ግን ‘እቲ ፋርማጆ ክእለ ከሎ፡ ስለምንታይ ንሱ ቀልጢፉ ዘይተበራበረ’ዝብል፡ ሕቶ’ዩ ነይሩ።

ኣብቲ መሸጉራጉር ጉዕዞ ምስ ተተሓሓዙ፡ ካበይ ከም ዝመጸኣ ንኽምልከት ንድሕሪት ኣቋመተ። ዝያዳ ምቹእነት ድማ ተሰምየ። ንግዚኡ ዝኾነ ፋርማጆ እኳ እንተዘይረኸበ፡ ኣብ ሕዙእ ናቱ ክሊ ዘሎ ኾይኑ ስለዝተሰምየ፡ ባህ በሎ። ፍርሒ ይመላለሶ ነይሩ። ደጋጊሙ፡ ነቲ ጉዕዞ ምቕጻል የገድስ ዶ ኣይገድስን ይሓስብ ነበረ። ኣብቲ ቕድሚኡ ዝነበረ መንደቐ ድማ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡

“እንተዘይፈሪሕካ እንታይ ክትገብር ትኽእል?”

ንውሑድ ደቓይቕ ንዘጸሓፎ ኣቶኪሩ ተመልከቶ። ኣብ ገለ እዋን፡ ፍርሒ ኣገዳሲ ምኻኑ ይፈልጥ’ዩ። ዋላ ሓደ ኽትገብር እንተዘይክኢልካ፡ ፍርሒ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዙብኣሰ ከሰጋግረካ ይኽእል’ዩ። በዚ ድማ ገለ ኽትገብር ይደፋፋኣካ። ዝኾነ ነገር ንኽይትሰርሕ ድማ ዓዚሙ ዝሕዘካ እንተኾይኑ ሓደገኛ’ዩ።

ሄርሞን፡ ንየማናይ ሽነኽ ተመልከተ። እቲ ቦታ ፈጺሙ መጺኡዎ ዘይፈልጥ’ዩ። ፍርሒ ክወሮ ከሎ ተፈለጦ። ዓሚቕ ኣየር ሰሓበ፡ ቀስ ኢሉ ናብቲ ዘይፈልጦ ስፍራ ጉዕዞ ፈለመ። ናብቲ ዘይፈልጦ ስፍራ ክጉዓዝ ከሎ፡ ኣብቲ ‘ፋርማጆ ኣልቦ ስፍራ’ ምጽናሕ ምሓሸ ይብል ነበረ። ኣብቲ ዝበጸሖ ርሕቀት፡ ፋርማጆ ዘይምርካቡ ድማ ንሓሳብ ኣራጎደሉ። እቲ ጉዕዞ ነዊሕን፡ ዝያዳ ካልእ እዋናት ድማ ኣቕንዛዊ ኩይኑ ረኸቦን። ‘ካልኣይ ዕድል እንተዝወሃበኒ፡ ካብቲ ምቹእ ስፍራይ ቀልጢፈ ወጺኡ፡ ንለውጢ ፊተ-ንፊት ምገጠምኩዎ ነይረ። እዚ ድማ ንነገራት መቕለሎም ነይሩ’ ብምባል፡ ሓሰበ። ድኹም ፍሽኽታ ብምግባር፡ ‘ካብ ምብኳር ምድንጓይ ይበልጽ!’ በለ።

ኣብተን ዝሰዓባ መዓልታት፡ ሄርሞን ንእሽቶ ፋርማጆ ረኺቡ’ዩ። ዝያዳ ረኺቡ፡ ናብ ሃይለ ተመሊሱ ትብዓት ክፈጥረሉ ተተስፈወ። ከምኡ ዘገብር ዓቕሚ ግን ኣይረኸበን። እቲ መሸጉራጉራት ኣናዊጹዎ’ዩ። ንቕድሚት ክኸይድ፡ ኣብቲ መሸጎራጉር ይጠፍእ ነበረ። ጉዕዞኡ ክልተ ስጉምቲ ንቕድሚት፡ ሓደ ስጉምቲ ንድሕሪት ኩይኑ ብድሆ ኩኖ። ‘ንድሕሪት ካብ ምምላስ፡ ምቕጻል ይሓይሽ’ ብምባል ወሲኑ’ዩ።

ግዜ ክውንጨፍ፡ ንሱ ድማ ‘ፋርማጆ፡ ክረክብ’የ!’ ኢሉ ምሕሳቡ፡ ኮውንነታዊ ድዩ ኢሉ ተደነቐ። ዋላ’ኳ፡ ፋርማጆ ኽጉርስ እንተተርእዩ፡ ንሓሰኻ ከብዲ ዝኸውን ከምዘይብሉ ዘኪሩ ክርትም ኢሉ ሰሓቐ።

ትብዓቱ ተጸንቂቑ፡ ፍርሓት ክወሮ ከሎ፡ ኑቲ ኣብቲ ፋርማጆ ኣልቦ እዋናት ዝሕለፎ ብምዝካር ይጸናናዕ ነበረ። ነገራታ ብዝመጽኡዎ ኸጓኑፍዎ ዘይኩነ ክቁጻጸሮም ከም ዘለዎም ተረዲኡ'ዩ። ንነፍናፍን ህጹጽን ዘከሮም። 'ንሶም ካብ ገበሩዎ፡ ኣነ'ኸ እንታይ ኩይነ ዘይገብሮ?!'ብምባል፡ ንነብሱ ኣዘኻኽራ። ንድሕሪት ተመሊሱ ኣብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቑጽሪ 3 ዘሓለፎ ኸኑነታት ክዝክሮ ምስ ጀመረ፡ እቲ ፋርማጆ ብሓንቲ ለይቲ ከም ዘይተሰወረ ኣመነ። ዓቑን ፋርማጆ እናጉደለ ኽኸይድ ከሎ፡ ጣዕሚ'ውን ይቐየር'ዩ። ዝኣረገ ፋርማጆ ሰበባ የብቁል'ዩ። ንሶም ግን ኣየስተብሃሉሉን። ሕጂ ግን፡ ሄርሞን ለውጢ ሃንደበት ከም ዘይመጽእ ክርድኦ ጀሚሩ። ነፍናፍን ህጹጽን ከምኡ'ዮም ጌሮም። ካብ ሕጂ ንኔው ንቕሓ ክኸውን ወሰነ። ንደመ-ነፍሱ ብምእማን፡ ለውጢ ከጓንፍ እንከሎ ነኽርዕሞ ድሉው ከም ዝኸውን ተረደኣ።

ንኽዕርፍ ደው ብምባል፡ ኣብቲ መንደቕ ነዚ ጸሓፈ፡

"ዋላ'ውን ኑቲ ትፈልጦ ፋርማጆ ሸትዶ! ክኣርግ ከሎ ክትፈልጦ ኢኻ።"

ሓጺር ጉዕዞ ምስ ከደ፡ ኣብ ቅድሚኡ ገፊሕ ናይ ፋርማጆ ቑጽሪ ረኸበ። ብደስታ ተመሊኡ፡ ንውሽጢ ኣተወ። ከም ዝሓሰቦ ግን ኣይኩነሉን። እቲ ቑጽሪ ባዶ ኩይኑ ጸነሐ። "እዚ ባዶነት ሕጂ'ውን ኣይተጋደፈንን!" በለ። ኢድካ ናይ ምሃብ ስምዒት ወረሮ። ኣካሉ ረሸሸ ኢሉ ሓይሉ ደኸሞ። ጠፊኡ ከምዘሎ ስለ ዝተረድኣ፡ ምስራር ከይሰእን ፈረሐ። ብውሕዱ ናብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቁጽሪ 3 ብምምላስ ጽምዋኡ ከናግፍ በሃገ። ንነብሱ ድማ ደጊሙ ሓተታ። "እንተ ዘይፈሪሐ እንታይ ክገብር ይኽእል?" በለ። ፍርሑ ዝሰገሮ እኳ እንተመሰሎ፡ ከምቲ ዝበሃጎ ከም ዘይረዓሞ ተረደኣ። እንታይ የፍርሖ ከምዘሎ ርግጸኛ ክኸውን ኣይከኣለን። 'ጽምዋ የፍርሃኒ ኣሎ' በለ። ንሄርሞን ዘይተርደኡ ግን 'ፍርሂ' እምነቱ ተሰኪሙዎ ይኸይድ ከምዘሎ'ዩ።

ሃይለ ተዘከሮ። ጉዕዞ ጀሚር ዶ ዋላ'ስ ኣብኡ ለሚሱ ይህሉ ኣተሓሳሰቦ። ናብቲ መሸጉራጉር ዝወጽኣላ ግዜ ድማ ኣሓጎሰቶ። ንዕኡ - ንተስፋ፡ ንብጻዩ ሃይለ ድማ ምናልባት ጉዕዞ እንተጀሚሩ ነቲ ጽሑፍ ርእዩ ትብዓት ክውሰኽ ብምባል ኣብቲ መንደቕ።

"ናብ ሓድሽ ኣንፈት ጉዕዞ ሓድሽ ፋርማጆ ንኽትረክብ ይሕግዘካ!"

ሄርሞን፡ ነቲ ጸልማት መገዲ ተመልኪቶ። 'ኣብ ቅድመይ እንታይ ኣሎ? ባዶ'ዶ ይጸንሓኒ? ካብኡ ዝኸፍአ ድማ ገለ ተቓጽዩ ዶ ሓደጋ የውርደለይ?'፡ እናበለ ኮሉ ኸጋጥሞ ዝኽእል ዓይነታት ፍርሒ ኽስእሎ ጀመረ። ፍርሑ ናብ ሞት ዘብጽሕ ኩኖ። ንነብሱ ሰሓቓ። ካብ ኩሉ ከፊኡዎ ዘሎ፡ ፍርሑ ምኻኑ ተረደኣ። ተቢዑ፡ ኽግብሮ ዝኽእል ገበረ - ናብ ሓድሽ መገዲ ምኻድ። ጉዕዞ ምስ ጀመረ መንፈሱ ተደሰተ። ብልክዕ ናበይ ይኸይድ ከምዘሎ እኳ እንተዘይፈለጠ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዝጸንሐ ኸም ዘሎ ግን ኣመነ። መመሊሱ ተሓጉሰ። "ስለምንታይ ጽቡቕ ይስምዓኒ ኣሎ?" ኢሉ ተገረመ። "ዝኹነ ፋርማጆ ኣይረኸብኩን፡ ናበይ ይኸይድ ኣለኹ'ውን ኣይፈለጥኩን።"

"ምፍራሕ ምሰ ኣቋረጸኻ ጽቡቕ ይሰምዓካ!" ኢሉ ድማ ኣብቲ መንደቕ ጸሓፈ።

ሄርሞን፡ ብፍርሑ ተኣሲሩ ኸም ዝነበረ ኣስተብሃለ። ናብ ሓድሽ ኣንፈት ብምኻዱ ድማ ናጽነቱ ረኸበ። ኣብቲ መሸጉራጉር፡ ሓድሽ ዝነፍሰ ዝሑል ኣየር ተሰምዖ፡ ንነብሱ ድማ ኣሕደሶ። ንውሽጢ ኣየር ሰሓበ። ተነቓቒሑ። ካብ ዘይስምዖ ነዊሕ ዝገበረ ሓጎስ ንኣካሉ ወረሮ። ፋርማጆ፡ ኣብ ኣእምሮኡ ብምስኣል ካብ ኮሉ ዓይነታት እናተቐደሰ እንከሎ ተፈለጦ። ኮውንነታውን ተኣማንን ኩይኑ ድማ ተሰምዖ። ልክዕ ከም ዝረኸቦ ኩይኑ ኣመነ። ኣብቲ መንደቕ ምስሊ ፋርማጆ ብምስኣል ከምዚ'ሉ ጸሓፈ፡

"ብሓድሽ ፋርማጆ ኦብሰኻ ክትድሰት ኮላ ምቕራጽ፡ ናብቲ ፋርማጆ ዘለዎ ቦታ ይመርሓካ።"

‘እንታይ ይኸስር ኣለኹ?’ ዝብል ምሕሳብ ገዲፉ፡ ‘እንታይ ይረክብ ኣለኹ?’ ብዝብል፡ ተከኣ። ‘ለውጢ፡ ንሕማቐ ጥራይ’የ ዝመርሕ’ ኢሉ ይሓስብ ምንባሩ ኣገረሞ። ሕጂ፡ ለውጢ ናብ ዝበለጸ ክመርሓካ ኸም ዝኽእል ተረደኣ። “እዚ ስለምንታይ’የ ቀድሚ ሕጂ ዘይተረድኣኒ?” ኢሉ፡ ንነብሱ ሓተታ።

ብሓድሽ ንቐሓትን ትርን፡ ኣብቲ መሸጉራጉር ቃልሱ ኸም እንደገና ጀመረ። ሓጺር ርሕቀት ምስ ተጓዕዘ ጥዒሙዎ ዘይፈልጥ ፋርማጆ ረኸበ። ንእሽተይ ጉሪሱ ምስ በልዐ ኣዝዩ ምቁር ኩይኑ ረኸቦ። ዝኣኽሎ ምስ በልዐ፡ ንዝመጽእ ግዜ ወይ ምናልባት ሃይለ እንተረኸቦ ብዝብል ሓሳብ፡ ኣብ ጅባኡ ጉሪሱ ኣእተወ። ሓይሉ ስለዝተመልሰ ኸም እንደገና ጉዕዞኡ ጀመረ።

ብውዕውዕ ስምዒት፡ ናብ ካልእ ሓደሽ ቐጽሪ ኣተወ። ከም ዝሓሰቦ ኣይኮነሉን። እቲ ቐጽሪ ባዶ ጸነሑ። ነቲ ኸባቢ ምስ ተመልከቶ፡ ቅድሚኡ ኸም ዝተበጽሐ ዘመልክት ትርፍራፍ ተዓዘበ። ቀልጢፍካ እንተተበጊስካ ዝሓሰብካዮ ኸም ተስምር ኣስተብሃለ። ነቲ ኣብ ፋርማጆ ኣልቦ ቐጽሪ ዝገደፎ -ሃይሉ፡ ክሕግዝ ጉዕዞኡ ንድሕሪት ጀመረ። ነቲ ዝመጸኦ ንምዝኽኻር ድማ ኣብቲ መንደቕ ከምዚ’ሉ ጸሓፈ፡

“ቐልጢፍኩ፡ ነቲ ዝኣረገ ኩትገድፎ እንተኸኢልኩ፡ ብዘቐልጠፈ ካልእ ሓዲሽ ክትረክብ ኢኻ!”

ሄርሞን፡ ንሃይለ ምስ ረኸቦ ካብቲ ዝተማላአሉ ፋርማጆ ሃቡ። ንሱ ግን ርእሱ ደፍኣ። ሃይሉ፡ ንሓሳብ ብጸየዩ እኳ እንተኣድነቐን ኣመስገኖን፡ “ኣነ ሓድሽ ፋርማጆ ዘድልየኒ ኣይመስለንን። እዚ ትህበኒ ዘለኻ፡ ከምቲ ዝለመድኩዎ ዓይነት ፋርማጆ ኣይኮነን። ፋርማጆይ ከይተመልስ ካልእ ኣይለክፍን’የ። ዝደለኹዎ ክረኽቦ ኣለኒ!” በሎ።

ሄርሞን፡ ብመልሲ ሃይለ ተስፋ ቐረጸ። ንብጸየዩ ክናፍቐ ምኻኑ እኳ እንተኣመነ፡ ንሸግሩ መፍትሒ ግን ምንቅስቃስ’የ ኢሉ ከኸይድ ወሰነ። ናብቲ ጫፍ መሸጉራጉር ጉዕዞ ተተሓሓዘ። ብዘይ ፍርሒ ምጉዓዙ ሓጎስ ተሰምየ። እቲ ኣብ ፋርማጆ ኣልቦ ቀጸሪ ከሎ ዝስምየ ዝነበረ ድኹም ጉኑ፡ ብሓይሊ ተተኪኡ’የ። ድሕሪ ደጊም ፍርሒ ክዓግቶ ኣይክእልን’የ። ናብ ሓድሽ ኣንፈት ይጓዓዝ ከምዘሎ ነጸረሉ። ፍሽኽ ብምባል፡ ሕጂ’ውን ኣብቲ መንደቕ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡

“ካብ ኣብ ፋርማጆ ኣልቦ ቀጸሪ ደው ምባል፡ ኣብ መሸጉራጉር ምድህሰስ ዝያዳ ውሕስነት ኣለዎ።”

ሄርሞን ዘለዎ ኾነታት ምስ ተመልከቶ፡ ነገራት ከምቲ ብፍርሒ እንስእሎ ግናይ ኸም ዘይኮነ ነጸረሉ። ኣብ ኣእምሮና እንሃንጸ ፍርሒ ካብቲ ቐጥታዊ ኾነታት ይኸብድ። ሓድሽ ፋርማጆ ምስኣኑ ፍርሑ እኳ እንተቐስቀሶ ክርእዮ ግን ኣይመረጸን። ሓድሽ ጉዕዞ ምስ ፈለመ፡ ኣብቲ ኩረድዮ ጉዕዞኡ ዘቀጽሎ ፋርማጆ ረኺቡ’የ። ደጊም ንቐድሚት እምበር ንድሕሪት ዝርእየሉ ኣብነት ኣይተርእዮን።

እቲ ኣረጊት ኣተሓሳስባኡ፡ ብጭንቀትን ፍርሕን ዘተኸበ’የ ነይሩ። ‘እኹል ፋርማጆ የለን’ ወይ’ውን ‘ንዘቐጽል እዋን ኣይከጸነሓንን’የ’ ብዝብል፡ ኣተሓሳስባ ዝተዓብለለየ። ኣብ ክንዲ ‘ከመይ’ሉ ቐኑዕ ይኸውን?’፡ ‘ከመይ’ሉ ይሓምቐ’የ?’ ኢሉ ዝሓስብ ነይሩ። ሕጂ ግን ነቲ ፋርማጆ ኣልቦ ዘኹነ ስፍራ ምስ ገደፎ፡ ኣተሓሳስባኡ ተቐይሩ። ‘ለውጢ ተጸበዮ ኣይትጸበዮ - ቀጻሊ ዘኽሰት ነገር’የ!’ ዝብል፡ ኣተሓሳስባ ኣማዕቢሉ። ለውጢ እንተዘይተጸቢኻዮ ጥራይ’የ ዘደንጹወካ። ነዚ ምስ ዘከረ፡ ከም ኣመሉ ንኻልእ መምሃሪ ክኸውን ብምባል፡ ኣብቲ መንደቕ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡

“ኣረግቶት እምንቶታትካ፡ ናብ ሓድሽ መገዲ ኣይመርሑኻን’ዮም!”

ሄርሞን፡ ልቡ ዝመልኣሉ ፋርማጆ እኳ እንተዘይረኸቡ፡ ኣብቲ መሸጉራጉር ምጓዓዝ ኣየቋረጸን። ሓድሽ ዝተመኩሮ ኣተሓሳስባ እናሰላሰለ፡ ጉዕዞ ተተሓሓዘ። እዚ ሓድሽ እምንቶኡ፡ ሓድሽ ባህሪ ንኸጥሪ ኣተባቢውዎ’የ። እቲ ተኣምኖ እንተለዊጥካ’የ፡ እቲ እትገብሮ ዘበለ ኩሉ ከም ትልውጦ ተረዲኡዎ’የ። ለውጢ፡ ‘ክንድኣንን ክዓግተንን ይኽእል’የ’

ብምባል፡ ክትኣምን ትኽእል ኢኻ፣ ወይ'ውን 'ሓድሽ ፋርማጆ ምርካብ ይሕግዘንን፡ ንሓድሽ ለውጢ የኽእለንን' ኢልካ ክትኣምን ትኽእል ኢኻ። ኮሉ ክትኣምኖ እትመርጽ፡ ኣባኻ'የ ዝምርኩስ። ኣብቲ መንደቕ ድማ ከምዚ ኢሉ ጸሓፈ፡

"ነቲ ትደልዮ ዘለኻ ኣብ ኣእምሮኻ ክትርእዮ ኣብ ትጅምረሉ ግዜ፡ ሓድሽ ፋርማጆ ክትረክብን ብኡ ኽትድሰትን ትኽእል ኢኻ። ኣካይዳኻ ድማ ትልውጥ።"

ሄርሞን፡ መንፈሱ ተደሲቱ ኣካላዊ ሓይሊ'ውን ዓሲሉዎ ነበረ። 'ንዝፍጠር ለውጢ፡ ኣብ ክንዲ ምኽሓድን ግዜኻ ምብኻንን፡ ብዘለካ ምግጣም!'ዝብል ኣተሓሳስባ ኣማዕቢሉ'የ። ነቲ ዘይረኸቦ ሓድሽ ፋርማጆ፡ ኣብ ሓንጉሉ እናቑረጸ ናብቲ ዘይፈልጦ ክፋል መሸጉራጉር ተዓዘረ። እተን ዝረኽበን ዝነበረ ቑሩብ-ቑራቦ ተኣማንነቱን ሓይሉን ይዕቅባሉ ነበራ።

ንሱ ሕሉፍ ክዝክሮ ከሎ፡ በቲ ኣብ መናድቑ ዘስፈሮ ጽሑፍ ይድሰት ነበረ። ምናልባት ሃይለ ክንቀሳቐስ እንተወሲኑ፡ እቲ ጽሑፍ ኣሰር ኩይኑ ክመርሖ'የ ብምባል ሓንስ ተሰምየ።

ሄርሞን፡ ቅኑዕ ኣንፈት ሒዙ ክህሉው ተተስፈወ። ሃይለ፡ ነቲ ጽሕፈት ርእዩ ናብ ዘለዎ ክስዕቦ ከኣ ተመነየ። ገለ እዋን ቅጅል ዝብሉዎ ዝነበሩ ሓሳባት ንምስፋር ድማ ከምዚ'ሉ ጸሓፈ፡

"ኣስተውዕል! እቶም ንኣሽቱ ለውጥታት ኑቶም ዘይተርፉ ዓቢይቲ ለውጥታት ንኽተርዕሞም ይሕጉዝኻ'ዮም።"

ሄርሞን፡ ንሕሉፍ ገዲፉ ንህሉው ኮነታትት ክርዕም ጀሚሩ'የ። ብዘለዎ ሓይልን ፍጥነትን፡ ኣብቲ መሸጉራጉር ጐየየ። ጉዕዞኡ ድማ ብዘሕጉስ ተደምደመ። ናብቲ ንዕኡ ሓድሽ ዝኾነ ነዊሕ መተሓላለፊ መገዲ ኣተወ። ኣብ ቀጽሪ ፋርማጆ ቑጽሪ 14 ድማ በጽሐ። ንውሽጢ ምስ ኣተወ ብዝርኣዮ ተደነቐ። ርእይዎ ዘይፈልጥ ብዘሐ ፋርማጆ ረኣየ። ንኣዒንቱ ክኣምነን ኣይከኣለን። ይሓልም ከይህሉ ተጠራጠረ። ከባቢኡ ምስ ተመልከተ ግን ነፍናፍን ህጹጽን ተዓዘቦም።

ነፍናፊ፡ ምውቕ ሰላምታ ለገሰሉ። ህጹጽ'ውን ኣእዳው ኣዋዛወዘሉ። በቲ ውዕውዕ ሰላምታኦም፡ ኣብቲ ቀጽሪ ነዊሕ ከም ዝገበሩ ተረደኣ። ሄርሞን፡ ሰላምታኡ ብቕልጡፍ ኣካይዱ፡ ቑራስ ፋርማጆ ወሰደ። ሳእኑ ብምውጻእ ኣብ ክሳዱ ኣሰሮ። ነፍናፍን ህጹጽን፡ ክርትም ኢሎም ሰሓቑዎ። ምልክት ኣድናቕቶም ድማ ርእሶም ነቕነቑሉ። ሄርሞን፡ ናብቲ ሓድሽ ፋርማጆ ጠኒኑ ኣተወ። ፋርማጆ ኣልዒሉ "ኦሌ! ንለውጢ!" በለ።

ከመይ ኢሉ 'ክቕየር' ከም ዝኽኣለ ትንግርቲ ኾኖ። 'ፍርሒ ሞት ዶ ከምዚ ጌርኒ ይኸውን?' ብምባል፡ ንነብሱ ሓተታ። ብሓሳቡ ፍሸኽ በለ። ፍሸኽታኡ ንኸውንነቱ ኣነጸሮ። ብዓሻ ተግባርካ ክትስሕቕ እንተጀሚርካ፡ ክትንቀሳቐስ ተቕሪብካ ከም ዘለኻ በርሃሉ። ካብ ጽቡቕ ብሉጽ ንምድላይ፡ ንነብሱ ምስ ኮውንነቱ ፊተ-ንፊት ከም ትገጥም ገይሩዎ። ሕሉፍ ጌጋታቱ ነጽብራቑ ምኳኖም ብምርዳእ፡ ኣብ መጻኢ ውጥኑ ከም ዝሕግዞ ገበረ። ደጊም፡ ንለውጢ ብኽመይ ትገጥሞ በሪሁሉ'የ። ንነገራት ኣቕሊልካ፡ ብተዓጻጻፊ መገዲ ንኽትገጥሞም ብፍርሒ ዝተመለአ እምንቶ ምጥቃም ኣየድልን'የ።

ንኣሽቱ ለውጥታት ክመጽኡ እንተተመልኪትካ፡ ንገዘፍቲ ለውጥታት ክትዳለወሎም ኣለካ። ንነገራት ብቕልጡፍ ክተርዕሞም ክትክእል ኣለካ። ኣብ ግዚኡ ክትርዕሞ እንተዘይክኢልካ፡ ንሓዋሩ'ውን ኣይትኽእልን ኢኻ። ነቲ ዘንሃካ ለውጢ ምሳኻ ክተሳንዮ ንስኻ እንተዘይተለዊጥካ፡ ብፍጹም ጽቡቕ ኣይክትረክብን ኢኻ።

ሄርሞን፡ ነዚ ዝተረድኣ ኮውንነት'የ። እቲ ዝያዳ ዝተመሃሮ ግን ንፍርሕና ቀቢርና፡ ንዘንሃፍና መከራ ብደስታ እንተገጠምናዮ፡ ኣብ ከባቢና ወትሩ ሓድሽ ፋርማጆ ከምዘሎ'የ። ገለ ካብ ፍርሒታትና ክኽበሩ ኣለዎም። ምኽንያቱ፡ ካብ ዘይከውን ሓደጋ ስለ ዝዕቅቡና። ይኹን ደኣ'ምበር፡ ዘይምኽንያታውያን ፍርሕታት ካብቲ ክንገጥሞ ዝግብኣና ለውጥታት ክዕንቅጹና የብሎምን።

ሄርሞን፡ ሃይለ ተዘከሮ። ሃይለ፡ ፍርሑ ስዒሩ ኑቲ ኣብ መንደቐ ዝጸሓፎ ተኸቲሉ ክመጽኡ ተመነየ። ናብቲ ፋርማጆ ኣልቦ ቐጽሪ ተመሊሱ ክጽውያውን ሓሳበ። ግን ከኣ ደጊሙ'ውን ሓሰበ፡ ሃይለ 'ሕሉፍ ፍርሑ ስዒሩ ክመጽእ ኣለዎ' በለ። ንኽትልወጥ ናትካ ድልየት እምበር፡ ናይ ዝኾነ ካልእ ዘረባ ከም ዘየድልየካ ካብ ዝሓለፎ ተመኩሮ ተረዲኡ'ዩ። "ሓደ ሰብ፡ ኣብ ለውጢ ዘሎ ደስታ ክርዳእ እንተኾይኑ ባዕሉ ከንነቅድ ኣለዎ!" በለ።

ኣብቲ መንደቐ ዝፍ ቀርጺ ፋርማጆ ብምስኣል፡ ንዝሓለፎ ጉዕዞ ብጽሙቐ ዝበለ መገዲ ንምጽሓፍ ብርዑ ኣዋዲዱ ፍሸኽ በለ፡

"ንለውጢ ቑሩብ ኩን፡ ቡቲ ዘጋጠመካ ዘበለ ድማ ደጊምካ ደጋጊምካ ተደሰት!"

ብምባል፡ ሚኪኤል'ውን ዛንታኡ ተሪኹ ፈጸመ።

_0_

ተፈጸመ

ደራሲ - ዶ/ር ስፐንሰር ጆንሰን

ተርጓሚ - ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ-ዕቋር)

ኣርታዒ - ስዒድ ሳልሕ Seid saleh @ fb